<u>ዜና ነሓሰ 13፡ 2007</u>

## <u>ኤም.ዲ.ሰ.መ ሳልሳይ ስሩዕ ጉባኤኡ ብቀዳም 11ን ሰምበት 12ን ኣብ ከተማ ፕሪቶርያ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣካይዱ</u>

ኤም.ዲ.ሰ.መ ሳልሳይ ስሩዕ ጉባኤኡ ብቀዳም 11ን ሰምበት 12ን ኣብ ከተማ ፕሪቶርያ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣካይዱ። እቲ ቀዳም ዝተጋባአ ቤት ምኽሪ ኤምዲሰመ ጸብጻብ ዝሓለፈ ዓመት ናይ ነውስወከፍ ክፍሊ ወይ ዲፓርትመንት ድሕሪ ምስማዕ፡ ኣወንታዊን ኣሉታዊን ጎንታት መምዩ፡ ንመጻኢ ክመሓየሹን ክእረሙን ዘለዎም ነጥብታት ገምጊሙ። እቲ ተጋባኣይ ኣብቲ ሙሉእ ማዓልቲ ዝወሰደ ጉባኤ ዝበዝሐ ግዚኡ ኣብ ምዝታይን ምኽታዕን ናይቲ ማሕበር ስትራተጂ ወይ ውጥን የሕሊፍዎ ዊዒሉ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ ትማሊ ሰንበት ኤምዲሰመ ዓመታዊ ጉባኢኡ ኣብ ፕሪቶርያ ብክብ ዝበለ መንፈስን ብዙሓት መንእሰያት ዝተሳተፍዎ ኣካይዱ። እዚ ካብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዝመጹ ዜጋታት ዝተሳተፍዎ ጉባኤ ሓደስቲ ኣባላት ምምሕዳር ብምምራጽ ብዓወት ተዛዚሙ። ሙሉእ ሪፖርታጅ ናይቲ ኣኼባ ኣብ ዝመጽእ መዓልታት ክቀርበኩም እዩ።